# ከመይ ገርካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ትደሊ፧

## ኣቀዲምካ ሞያ ምምራጽ

ሞያ ምስ መረጽካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ድለ። እንታይ ማለት እዩ ፈሊጥካ ኣለኻ ክእለት ከም ዘለካ ነቲ ዝመረጽካዮ ሞያ። እዚ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ የሕግዘካ ፈሊኻ ቦታ ክትደሊ። ኣየድልየካን እዩ ኣብ መጀመሪያ ብዘይ መደብ ዝረኸብካዮ ነጻ ቦታ ክትቅበል።

## ኣድራሻታት ምድላይ

ኣየናይ ትካላት ኣብቲ ዝመረጽካዮ ሞያ ትምህርቲ ነጻ ቦታ ኣለዎም ንዝመጽእ ዘሎ ዓመት ክትፈልጥ ኣለካ። ነዚ ክትፈልጥ ዝተፈላለየ መገድታትን ሓገዝን ኣሎ።

- ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ[1] ዝርዝር ኣስማት ትካላት ኣብቲ ዝመረጽካዮ ሞያ ዘምህሩ ትረክብ ኢኻ።
- ኣብ ኢንተርነት ነጻ ቦታታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ረአይ[2]።
- ኣብ ጋዜጣታትን ምቓልሕታትን ወይ ኣብ ሆምፐጅ ናይ ትካላት ረአይ።
- ብዙሓት ተመሃሮ ብዝፈልጥዎ ሰብ ወይ ብኣዝማዶም ኢዮም ስራሕ ዝኣትዉ። እዚ ፍልጠትን ዝምድናን ተተቐመሉ።

## ርክብ ምግባር

ሕጂ ኣድራሻታት ሒዝካ ኣለኻ ነቶም ትካላት ነጻ ቦታ ብምህላዎም ሕተት። ደዊልካ ኣፍልጥ ወይ ብኣካል ኪድ። ሕተቶም ነጻ ቦታ ኣለና ኢንተኢሎሙኻ ከመይ ገርካ እቲ ጽሑፍ ተቅርቦ ሕተት። ካብ ትካል ናብ ትካል ይፈላለ እዩ ኣለዋ ትካላት ብጽሑፍ ክተመልክት ዝደልዩ ኣለዉ ገለ ገለ ክላለዩኻ ዝደልዩ፡ እቲ ኣገዳሲ ግን ድልየቶም እዩ።

## ብጽሑፍ ምቕራብ ንነጻ ቦታ

ውዒሉ ሓዲሩ ኣይተርፍን እዩ ብጽሑፍ ክትቀርብ። እዚ ጽሑፍ ከመይ ክምዝጻሓፍ እንታይ ትሕዝቶ ክህልዎ ዘሎ ስርዓት ኣለዎ። ኣብ ቤት ትምህርትን ቤት ጽሕፈት ናይ ኣገልግሎት ንሞያ ምኽርን ከመይ ከም ዝጻሐፍ ሕተት እንተጸጊሙካ ኣብኡ ሓገዝ ትረክብ ኢኻ። ኣብ ኢንተርነት ከኣ ዝሕግዘካ ጽሑፍ ትረክብ ኢኻ[3]። ኣገዳሲ እዩ እቲ ጽሑፍ ከይሰደድካዮ ንፈላጥ ክተርኢዮ ክእርሞ። ወረቓቕቲ ወይ ጽሑፋት ክጐድል የቡሉን ምስቲ ሞያን ትካልን ክኸይድ ኣለዎ ገጋታት ክህልዎ የቡሉን። ምኽሪ ክንውስኸልካ እንተተኻኢሉ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ጽሑፍ ስደድ ዕድልካ ነጻ ቦታ ክትረክብ ክሰፍሕ።

---

[1] ነፍስ ወከፍ ዞባ（ካንቶን）ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኣለዎ። እቲ ኣድራሻታት ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበርካን ወይ ከኣ ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ።
Deutsch: www.adressen.sdbb.ch Français: adresses.csfo.ch Italiano: www.indirizzi.csfo.ch

ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብፍሉይን ሐጺርን ሽም እዩ ዝፍለጥ።
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ BIZ, Laufbahnzentrum
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ OP, SOPFA, OFPC, COS, OROSP, CIO, OCOSP
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ orientamento, UOSP

[2] ነጻ ቦታታት ናይ ሞያ ትምህርቲ

| | |
|---|---|
| ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ | http://www.berufsberatung.ch/lehrstellen |
| ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ | www.orientation.ch/apprentissage |
| ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ | www.orientamento.ch/tirocinio |

[3] ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ www.berufsberatung.ch >Aus- und Weiterbildung >Lehre und Lehrstellen >Lehrstellenbewerbung
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ www.orientation.ch >Formations >Apprentissage >Candidature pour l’apprentissage
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ www.orientamento.ch >tirocinio >Formazione professionale di base >Candidarsi a un posto di tirocinio

## ገምጋም ምህላው

ኣድላዪ እዩ ገምጋም ብዛዕባ ኩሉ ትገብሮ ክህሉወካ። ዝበለጸ ኣብ ጽሑፍ ኣስፍሮ መዓስ ብጽሑፍ ከምዝቀረብካ መዓስ ከምዝቈጸሩኻ ስጋብ መዓስ ካኣ መልሲ ዝህቡኻ። ብኡኡ ኩሉ ግዜ እንታይ ከምተስለጥ ካብ መን መልሲ ከምትጽበ መዓስ ከም ትጥይቕ ትፈልጥ።

## ፈተነን ዝርርብን ምሕላፍ

ብዙሓት ትካላትን ማሕበራትን ፈተነ ናይ ተውህቦን ክእለትን የግብሩ ኢዮም። ኣፍልጦ እንታይ ዓይነት ፈተነ ኣብ ዝመረጽካዮ ሞያ ዝጸንሓካን ዝጽበየካን ክህልወካ ኣለዎ።

ኣብ ምርጫ እንተበጺሕካ እቲ ሓለቓ ክላለየካ ደልዩ ማልት እዩ። እቲ ዝርርብ ምስ ሓለቃ ጽቡቕ ገርካ ኣዳልዎ እንታይ ከምትሕተት እንታይ ከምትምልስ ሕሰብ። ትጠራጠር እንተ ኾንካ ምስ ካልእ ሰብ ተማኸኽር። ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ ብኣካል ጽቡቕ እንተቀሪብካ። ኣርኢዮም ድለትን ተገዳስነት ከምዘለካ።

## ምንጻግ ተጻወር ከኣሎ

ነጻ ቦታታት ክትረክብ ኣብ ብዙሕ ሞያታት ከቢድ እዩ። ብኡኡ ምኽኒያት ክትጽበ ኣለካ ከምዝነጽጉኻ። ተስፋ ኣይትቑረጽ ምድላይ ኣይትግደፎ ከም ናይ ቀደምካ ጸዓር። ስለምንታይ ከምዝነጸጉኻ ሕተት ንመጻኢ ምናልባት ክትመሐይሽ ብእኡ ዝያዳ ዕድል ክህልወካ እኽእል እዩ።

## ተዓጻጻፍነት ክህልወካ

ኣብቲ ዝደለኻዮ ሞያ ነጻ ቦታ እንተዘይረኺብካ ኣብ ሓደ ሞያ ጥራሕ ኣይትድረቕ። ብኡኡ ኣገዳሲ እዩ ነጻ ክትኸውን ካልእ መፍትሒ ክትረክብ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ እቲ ዝተመነኻዮ ቦታ ኣብ ነዊሕ ግዜ እንተዘይረኺብካዮ ናይ ግድን እዩ እቲ ኩነታት ክምርመር።

መርምር ካልእ ሞያ ምስቲ ዝሓሰብካዮ ሞያ ዝተሓሓዘ ክትመሃር ወይ ሐደ ዓመት ካልእ ክትገብር ወይ ኣብ ተግበራዊ ልምምድ ክትሰርሕ ወይ ሓደ ዓመት ቋንቋ ክትመሃር ወዘተ። ከይዶንገኻ ወስን ዘድልየካ ሐበሬታ ክትእክብ ሐገዝ ከተምጽእ። ምስ ኣማኸርቲ ናይ ኣገልግሎት ሞያ ምክሪ ተዛራረብ መደብ ከመይ ከም ትቅጽል ኣውጽእ። መባእታዊ ሞያዊ ትምህርቲ (ወይ ማእከላይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ) ክትፍጽም ንመጻኢ ሂወትካ ኣገዳሲ እዩ። ዝተፈላለየ መገድታት ኣለካ ክትምዕብል።